# 127 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**24.08.2009**

ካብ 16-22 ነሓሰ 2009 ኣብ ዝነበረ መዓልታት 12 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 127 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ብዝተፈላለዩ ከባብታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብኦም፡ 20 ትሕቲ 2 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ክኾኑ ከለዉ፡ 44 ድማ፡ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ተመሃሮ እዮም። እቲ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ፡ ካብ ጠቕላላ ቁጽሪ ናይዞም ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኤርትራውያን 51 ወተሃደራት እዮም። ዝርዝር ናይ እዞም ወተሃደራት ብዝምልከት ድማ፡ 8 ካብ መበል 16፤ 4 ካብ መበል 22፤ 11 ካብ መበል 42፤ 19 ካብ መበል 53፤ 6 ካብ መበል 32፤ ከምኡ ድማ፡ 3 ካብ መበል 11 ክፍለ ሰራዊት እዮም።